# ናይ ስደተኛታት ናይ ግሊ ስፖንሶርሺፕ ፕሮግራም ምስፋር ስደተኛ ኣብ ካናዳ

## ኣገዳሲ ሓበረታ

ኣብ ካናዳ ክትመጽእ ድልየት ስለ ዘለካ ዘእተኻዮ መመልከቲ ብናይ ካናዳ ሓለፍቲ ናይ መፈለምታ ገምጋም ተዋሂብዎ ኣሎ። ሕጂ
ካብዚ ቀጺሉኸ እንታይ ኢዩ ዝግበር ኢልካ ትሓስብ ትህሉ ትኸውን። ናይ ስደተኛ ምኺን ረቋሒታት ምምላእካ እሞ ከም ስደ
ተቀባልነት ምርካብካ ኣብ ናይ ስደተኛታት ምምራጽ ኣገባብ ወይ ፕሮሰስ ዓቢ ስጉምቲ ኢዩ። ግን ናይ መጨረሻ ስጉምቲ ኣይኮነን።

**እዚ ዝስዕብ ብዛዕባ ካብዚ ቀጺልካ ዝውሰዱ ስጉምትታትን ብዛዕባ ካናዳን ዝገልጽ ሓበረታ ኢዩ።**



Immigration, Refugees and Citizenship Canada
Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada
Canada

© ከም ንግስቲ ኣብ መሰል ካናዳ ኣብ 2019 ብሚንስተር ስደተኛታትን ዜጋታትን ዝተወከለት

Ci44-20/2019Tir-PDF
978-0-660-32869-0
2627-11-2019

# ብግሊ ስፖንሶር ናይ ዝኾኑ ስደተኛታት ፕሮግራም

ኣብ ካናዳ፡ ኣብ ትሕቲ ናይ ግሊ ስፖንሶርስሂፕ ፕሮግራም ክትሰፍር ትኽእል። እዚ ማለት ሓደ ብግሊ ስፖንሶር ዝገብር ጋንታ ኣብ ካናዳ መጀመርያ ዓመትካ ብቁጠባውን ብስምዒታውን መልክዕ ክኸእለካ ኢዩ ማለት  ኢዩ።

ምስ ናይ ግሊ ስፖንሶር ምስ ምስተገጣጠምካ፡ ምስ ሓደ፡ ምእንታን ኣብ ናይ ካናዳ ሕብረተሰብ ብጽቡቕ ክትተኣታቶ ክሕግዘካ ዝተሃንጠየ ጋንታ ትዛመድ ኣሎኻ ማለት ኢዩ።

እዞም ሰባት እዚኦቶም ክሕግዙኻ መንግስቲ ኣይትኽፍሎምን ኢያ። ክሕግዙ ስለ ዝደለዩ ብድልየቶም ስፖንሶር ክገብሩኻ መብጽዓ ዝኣተዉ ሰባት ኢዮም። ስፖንሶር ዝገብሩ ጉጅለታት ባዕሎም ክሕግዙኻ ገንዘብ ይእክቡ ህያብ እዉን ይሓቱ።

ኣብ ካናዳ ንኽትመጽእ ፍቓድ እንዳ ተጸበኻ ከሎኻ፡ ምስ ስፖንሶር ዝገበሩኻ ሰባት ክትራኸብ ነተባብዓካ። እዚ ብመልክዕ ኢመይል፡ ስልኪ፡ ወይ ብዝተፈላለየ መልእኽቲ ኢንተርነት ክኸዉን ይኽእል።

## ናይ ምምልካት ኣገባብ ወይ ፕሮሰስ - ካብዚ ቀጺልካ ዝውሰድ ስጉምቲ

- ንስኻን ኣባላት ስድራ ቤትካን ቅድሚ ካናዳ ምምጻእኩም ናይ ሕክምና መርመራ ክትገብሩ ይግበኣኩም።
- ናይ ሕክምና መርመራ፡ ምስ ቅድሚ ምንቃልካ ዝግበር ካልእ ናይ ሕክምና ኣገልግሎታት፡ ብመንግስቲ ካናዳ ኢዩ ዝኽፈል።
- ድሕሪ ቃለ መሕትት ማለት ኢንተርቪዩ፣ ንሕክምና ክትጽዋዕ ብኣዋርሕ ዝቁጸር ጊዜ ክወስድ ይኽእል። ድሮ መርመራ ዘይገበርካ እንተዘይኮንካ፡ ኢንተርናቲኦናል ኦርጋኒዘሽን ፎር ማይግረሽን ዝበሃል ትካል ወይ ድማ ቤት ጽሕፈት ናይ ኢሊግረሽንን ስደተኛታትን ዘግነትን ካናዳ ምስ ዝያዳ ሓበረታ ክራኽቡኻ ኢዮም።
- ናይ ገበንን ናይ ጸጥታን ምርመራ እዉም ክትገብር ይግበኣካ። እዚ፡ ቅድሚ ሕጂ ከቢድ ገበን ከምዘይፈጸምካን ከምኡ እዉን ናይ ጸጥታ ጠንቂ ከምዘይኮንካን ንምርግጋጽ ኢዩ።
- ናይ ካናዳ ናይ መንግስቲ ሓለፍቲ ንናይ ሕክምናን፡ ጸጥታን፡ ገበንን ምርመራ ምሕላፍካን ምትራፍካን ክውስኑ  ዘእቶኻዮ ምልክታ ክምርምርዎ ኢዮም። እንተዘይተሓቲትካ፣ ካልእ ሓበረታ ምእታው ኣየድልየካን ኢዩ።
- ናይ ሕክምናን፣ ጸጥታን፣ ገበንን ምርመራ እንተዘይሓሊፍካ፡ ኣብ ካናዳ መጺእካ ክትነብር ኣይክትምረጽን ትኽእል።
- እንተድኣ ናይ ሕክምናን፣ ጸጥታን፣ ገበንን ምርመራ ሓሊፍካ፡ ኒኢንተርናሾናል ኦርጋኒዘሽን ፎር ማይግረሽን ወይ ካልእ ትካል፡ ንካናዳ ንምምትመጽእ ክትቀራረብ ክሕግዙኻ ክትሓቶም  ኢያ።
- ኣብ ገሊኦተን ሃገራት፡ ቅድሚ ምንቃልካ፡ ብነጻ ዝወሃብ ዓዲ መተኣታተዊ ወይ መላለዪትምህርቲ ክትወስድ ክትዕደም ኢኻ።
- እዚ፡ ኣብ ወጻኢ ምስ ካናዳ ምልላይ፡ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ነጻ ትምህርቲ እዚ ብመንግስቲ ካናዳ ዝኽፈል ኮይኑ፣ ብ ኢንተርሸናል ኦርጋኒዘሽን ፎር ማይግረሽን ተባሂሉ ብዝጽዋዕ ትካል ኢዩ ዝወሃብ። ኣብዚ ትምህርቲ እዚ፡ ብዛዕባ ካናዳን ብዛዕባ ኣብ ካናዳ ምስ ኣቶኻ ምስ ዓዲ ክትላለ ክትጥቀመሎም ትኽእል ኣገልግሎታትን ኢኻ ትመሃር።
- ኣብ ዘሎኻዮ ሃገር ኣብ ናይ ወጻኢ ምስ ካናዳ ምልላይ ትምህርቲ ክትሳተፍ እንተዘይታዓዲምካ ንስፖንሶርካ ንገሮም፡ ንሳቶም ካናዳ ምስ ኣቶኻ ዘድሊ ሓበረታ ክምዝወሃበካ ክገብሩ ኢዮም።

## ንቅሎ ንካናዳ

- ኩሉ መርመራታትካ ምስ ሓለፍካ፡ ከምኡውን ኩሉ ወረቃቕትኻ ምስ ተዳለወ፡ ናብ ካናዳ ጉዕዞኻ መስርዑ ክሕዝ ኢዩ።
- አብ ገሊአተን ሃገራት፡ ቅድሚ ምንቃልካ፡ ናይ ይሕለፍ ፍቃድ ክፍሊት ንመንግስቲ እቲ ዓዲ ክትከፍል ክትግደድ ትኽእል ኢኻ። እቲ ክፍሊት ባዕልኻ ኢኻ ክትከፍሎ። ይኹን እምበር ኢንተርናሽናል ኦርጋኒዘሽን ፎር ማይግረሽን አብቲ ናይ ክፍሊት አፈጻጽማ አገባብ ክትሕግዘካ ትኽእልኢያ።
- ፓስፖርት ወይ ካልእ ሕጋዊ ናይ መንቀሳቀሲ ወረቀት እንተዘይብልካ፡ መንግስቲ ካናዳ ንካናዳ ክትምጽእ ምእንቲ ክትክእል ናይ መንቀሳቀሲ ወረቀት ክህበካ ኢዩ።
- መንግስቲ ካናዳ ናብ ካናዳ ናይ ምጋሽ ወጻኢ ክትሽፍን ምእንቲ ክትክእል ለቃሕ ክህበካ ኢዩ።
- እዚ ገንዘብ እዚ **ለቃሕ** ኢዩ፡ ማለት ሙሉእ ብምሉኡ ንመንግስቲ ካናዳ አብ ዉሽጢ ካብ 3 ዓመት ዘይውሕድ ካብ 8 ዓመት ከአ ዘይበዝሕ ክትመልሶ አለካ። እቲ ጊዜ ከም ብዝሒ ለቃሕ ይፈላለ።
- አብ ዉሽጢ ሓደ ዓመት ክትመልሶ ክትጅምር አሎካ። ስፖንሶርካ ነዚ ገንዘብ እዚ አይከፍለልካን ኢዩ።
- ክትነቅል ከሎኻ ናብ መዕረፍ ነፈርቲ ንምኻድ ከምኡ ምስ ናይ ኢሚግረሽን ሓለፍቲ ዘድሊ ምስልላጥ ንምግባር ሓገዝ ክወሃበካ ኢዩ።
- አብ ካናዳ ናይ መጨረሻ ቦታኻ ምብጻሕ፡ ነዊሕ ጉዕዞ ክኸውን ይኽእል። መግቢ ክትማላእ ሕሰብ መእንታን አብ አየርን አብ መዕርፎ ነፈርትን መግቢ ንምዕዳግ ከይትግደድ።

## ካናዳ ምእታው




- አብ ካናዳ ምስ አቶኻ፡ አባላት አገልግሎት ዝህባ ትካላት፡ አድላዪ እንተኾይኑ ምስ አስተርጓሚ፡ ካብ አየር ምስ ወረድካ ክቅበሉኻ ምስ ናይ ኢሚግረሽን ጉዳያት ምስልላጥ እውን ክሕግዙኻ ኢዮም።
- አብ ካልእ አየር ምስጋር ዘድሊ እንተኾይኑ ከዓ አብ ናይ ጉዕዞኻ መጨረሻ ክትበጽሕ ክመርሑኻ ኢዮም። ቅድሚ ናብ ካልእ አየር ምስጋር ነዊሕ ሰዓታት ትጽበ እንተኾንካ፡ መግብን ትድቅሰሉ ቦታን ክህቡኻ ኢዮም።
- ድሮ አብ ናይ ጉዕዞኻ መጨረሻ በጺሕካ እንተኾይንካ፡ ምስ አብ መዕረፍ ነፈርቲ ዝጽበ ዘሎ ስፖንሶርካ ከራኽቡኻ ኢዮም።
- ስፖንሶርካ አብኡ ትዓርፈሉ ቦታ፡ ከም አፓርትመንት፡ ገዛ ወይ ሆተል ክወስደካ ኢዩ።
- አብ ገሊኡ ኩነታት፡ ቅድሚ አብ ምዱብ መዕረፊ ምእታውካ፡ ንዝተወሰነ መዓልታት ወይ ሰሙናት አብ ጊዜያዊ መዕረፊ ክትጸንሕ ይኽእል።

- ምስ መጻእካ ስፖንሶርካ ዝተወሰነ አቁሑት ወይ ስፐዛ ክህበካ ከምኡ ድማ ናትካ ምግብን ክዳውንትን ካብቲ ንዓኻ ተባሂሉ ዝተታሕዘ ገንዘብ ክትዕድግ ክሕግዘካ ኢዩ።
- ናይ ዊንተር ማለት ናይ ቁሪ ክዳውንቲ እዉን ክወሃበካ ይከአል።
- ስፖንሶርካ ብዛዕባ ሕይወት አብ ካናዳ ዘለካ ኩሉ ሕቶታት ይምልሰልካ፡ ነዚ ዚስዕብ ሓገዛት እዉን ይገብረልካ፡

  - አስተርጓሚ ምርካብ
  - ናይ ስድራ ሓኪምን ናይ ስኒ ሓኪምን ምርካብ
  - ናይ ትነብረሉ ዘሎኻ ጠቅላይ ግዝአት ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ምምልካት
  - ደቅኻ ትምህርቲ ክአትዉ ምስልላጥ
  - ምስ ከማኻ ዝአመሰሉ ማለት ከም ናትካ ባህልን ዝንባሌታትን ዘለዎም ሰባት ንምርኻብ
  - ናይ ባንኪ፡ ናይ መጒዓዝያ ወዘተ አገልግሎት፡ ንምጥቃም
  - ምስ ብመንግስቲ ዝሕገዙ ንሓደሽቲ ሰፈርቲ ዝወሃቡ አገልግሎታት፡ ከም ናይ ቋንቋ ትምህርቲ፡ ስራሕ ምርካብ ዝአመሰሉ ምግጥጣም

ስፖንሶርካ ምስ ናብራ ናይ ካናዳ ክትላለ ናይ መፈለምታ ሓገዛት ክገብረልካ ኢዩ።
ግን ከዓ፡ ካብ ሓቂ ዝረሓቀ ትጽቢት ካይትገብር አገዳሲ ኢዩ።

ናይ ካናዳ ሕይወትካ ብዓወት ዝተመልኤ ንግትገብሮ አበርቲዕካ ክትሰርሕ ተቀረብ።

ቁጠባዊ ሓገዝ ካብ ስፖንሶርካ ካብ ዝመጻእካሉ ጊዜ ጀሚርካ ክሳዕ ሓደ ዐመት ወይ ድማ ነብስኻ ክሳዕ ትኽእል ኢዩ፡ አቀዲሙ እንተ ሰለጠ። ድሕሪ ሓደ ዓመት ንነብስኻን ስድራኻን ክትአሊ ክትክእል የድልየካ።

# ምስ ስድራኻ ኣብ ሓዲሽ ሃገር ምስፋር





ንስኻን በዓልቲ ቤትካን፡ ምስ ብኣኹም ዝሕገዙ ደቅኹምን፡ ብኣኹም ዝሕገዙ ደቂ ደቅኹምን፡ ኣብ ሓደ ናይ ኢሚግረሽን ፎርም ብሓባር ኣመልኪትኩም ብሓንሳብ ንካናዳ ክትመጹ ትኽእሉ።

ኣብ ናይ ቃል ኪዳንካ ናብራ **ዝኾነ ለውጢ** እንተሎ (ንኣብነት እንተተመርዒኻ ወይ ተፋቲሕካ) ወይ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ቅድሚ ንካናዳ ጉዕዞኻ ቆልዓ እንተ ድአ ወሊድካ፡ ንስፖንሰርካን ንሓለፍቲ መንግስቲ ካናዳን **ክትነግር ይግበኣካ**። እዚ ምእንታን ሓደሽቲ ኣባላት ስድራ ቤትካ ኣብ ናይ ኢሚግረሽን ማመልከቻኻ ንኽእተዉ ማለት ኢዩ።

ብመልክዕ ስድራ ኣብ ካናዳ ክትሰፍር ከም ትደሊ ንስፖንሰርካን ንሓላፍቲ መንግስቲ ካናዳን ክትነግር **ኣዚዩ ኣገዳሲ** ኢዩ። ኩሎም ኣባላት ስድራ ቤትካ ኣብ ማመልካቻኻ ከተእትዎም ኣሎካ። እንተድአ ንበዓል ሓላፍነት ካናዳ ብዛዕባ በዓልቲ ቤትካን ደቅኻን ንካናዳ ቅድሚ ምንቃልካ ዘይነገርካ፡ ንሓዋሩ ንካናዳ ንኽመጹ ስፖንሰር ክትገብሮም ኣይትኽእልን ኢኻ።

ድሮ ኣብ ካናዳ ዝቕመጡ ኣዝማድ ወይ ቀረባ ፈተውቲ እንተ ኣለዉኻ፡ ኣብ ጥቕኦም ክትቕመጥ እንተ ደሊኻ ንስፖንሰርካን ንሓለፍቲ መንግስቲ ካናዳን ሓብር። ብዝተኻእለ መጠን ካናዳ ንስደተኛታት ኣብ ንሶም ዝፈልጥዎ ሰብ ሓገዝ ክረኽቡሉ ዝኽእሉ ማሕበረ ኮም ከተስፍሮም ኢያ ትፍትን።

ኣብ ናትካ ስፖንሰር ጉጅለ ኣብ ዘለዎ ከተማ ወይ ከባቢ ኢኻ ክትሰፍር። ኣብ ስፖንሶርካ ወይ ናቱ ወኪል ዝሰፍረሉ ማሕበረ ኮም ኣዝማድ ወይ ምስኦም ርክብ ዘለካ ሰባት እንተ ሃልዮም ኣብኡ ከስፍሩኻ ክፍትኑ ኢዮም።

ኣዝማድካ ወይ ምስኦም ርክብ ዘለካ ሰባት ናብ ካልእ ከተማ እንተድአ ቀዩሮም፡ ብኽብረትካ ንስፖንሰርካ ቀልጢፍካ ሓብር ምእንታን ተዘራሪብኩም ኣብቲ ሓዲሽ ኮሙኒቲ፡ ንሓዲሽ ሰፋሪ ዝኣክል ሓገዝ ምህላዉን ዘይምህላዉን ክትውስኑ።

ኣብ ኣፕሊከሽንካ ምሳኻ ዘይመጹ እሞ ካባኻ ዝጽበዩ ኣባላት ስድራኻ ኣመልኪትካ ትህሉ ትኸውን። ኣብ ካናዳ ምስ ሰፈርካ፡ ነዞም ስድራ በትካ ናይ ሓደ ዓመት ዕድል መስኮት ብዝተባህለ ፕሮግራም ተጠቂምካ ከተምጽኦም ትኽእል። ኣብ መጀመርያ ዓመትካ ኣብ ካናዳ፡ ኣብ ቅድሚ ንካናዳ ምንቃልካ ዘእቶኻዮ ኣፕሊከሽንካ ክሳዕ ዘለዉ፡ ነዞም ሰባት እዚኣቶም ከተምጽእ ከተመልክት ትኽእል፡ በዓልቲ በትካ፡ ብቃል ኪዳን ዘይኮነ ግን ብሕጊ ምሳኻ/ኺ ትቕመጥ ዝነበረት ወይ ዝነበረ፡ ካባኻ ዝጽበ ውላድ፡ ወይ ውላዱ ንካባኻ ዝጽበ ምሳኻ ዘሎ ዉላድ።

ካልኦት ኣባላት ስድራ ቤት፡ ከም ወለድቲ፡ ዓባይ/ኣቦሓጎ፡ ወይ ኣሕዋትን ኣሓትን ናቶም ኣፕሊከሽን ከእትዉ ኣለዎም ንሰፈራ ኣብ ግምት ክኣትዉ። ኣብ ካናዳ ምስ ኣቶኻ፣ ሓድሓደ [ዘድልዩ ነገራት] ምስ ኣማላእካ ኣባላት ስድራ ቤትካ ንካናዳ ክፈልሱ ስፖንሰር ክትገብሮም ትኽእል። ብዝኾነ፡ ኣገባብ ወይ ፕሮሰስ ነዞም ኣባላት ስድራ ከተምጽእ ነዊሕ ጊዜ ክወስድ ይኽእል፡ ኣባላት ስድራ ቤትካ ከይረኣኻ እዉን ዓመታት ክትጽበ ትኽእል።

IRCC ከም እኒ ድሙ ከልቢ ዝኣመሰሉ እንሳታት ናይ ጉዕዞ ምስልላጥ ኣይትገብርን ኢያ፡ ሕጋዊ ዝኾነ ንሰብ ዝሕግዝ እንስሳ ኮይኑ ካናዳ ንኽመጽእ ብቑዕ ምኽንያት ዘለዎ እንተዘይኮይኑ። ስደተኛታት ናይ ገዛ እንስሳት ብዝምልከት ናይ ግሎም ናይ ጉዕዞ ምስልላጥ ክገብሩ ኣለዎም።

# ናይ ኢሚግረሽንካ ኩነታት

አብ ካናዳ ምስ አቶኻ፡ ናይ ሓዋሩ መንበሪ መረጋገጺ ወረቀት፡ አብዚ ንኹሉ ገዜ ከም ተቀማጢ ኮይንካ ክትነብር ትኽእል ዝብል ክወሃበካ ኢዩ። እዚ ማለት አብ ካናዳ ንመዋእልካ ክትነብር ብሕጊ ተፈቂዱልካ ማለት ኢዩ። ክትሰርሕ ወይ ትምህርቲ ክትከይድ ትኽእል።

ቅድሚ ዜግነት ካናዳ ምሕታትካ፡ ንክንደይ ዝኸውን ገዜ ክትቅመጥ፡ ብአካል አብ ውሽጢ ካናዳ ክትርከብ፡ ከምዘለካ ከተማልኦም ዘለካ ኩነታት አለዉ። ነቲ ኹሉ ዘድሊ ምስ አማላእካ ዜግነት ካናዳ ንምርካብ ከተመልክት ትኽእል።

ዝያዳ ሓበረታ አብ
https://www.canada.ca/en/immigration-refugees-citizenship/services/canadian-citizenship/become- canadian-citizen.html
ወይ ካብ ስፖንሶርካ ክትረክብ ትኽእል።

# አብ ካናዳ አበይ ከም ትቅመጥ




ካናዳ ብዙሕ ዓድታትን ከተማታትን ከምኡ ከዓዉሑድ ወይ ማንም ሰብ ዘይቅመጠሉ ቦታታት ዘለዋ ካልአቲ ዝዓበየት ሃገር አብ ዓለም ኢያ። ዝበዝሓ ዓበይቲ ከተማታት አብ ደቡባዊ ካናዳ፡ ጥቃ ዶብ ሕቡራት መንግስታት አመሪካ ኢየን ዝርከባ።


መብዛሕትአን ሰብ ዝቅመጠለን ከባቢታት ካብ ሓድሕደን ርሑቃት ኢየን ኦሞ ነዊሕ ገዜ ይወስድ ክትበጽሐን፡ ዋላ ብአየር። ንአብነት ራሕቂ እተን ዝዓበያ ከተማታት ካናዳ፡ ቶሮንቶን ቨንኩቨርን ካብ 4,300 ኪሎ መትር ንላዕሊ ወይ ዳርጋ 3 መዓልቲ ብአውቶቡስ ኢዩ።

አብ ስፖንሶር ዝገበሩኻ ጉጅለ ዝቅመጡላ ዓዲ ወይ ከተማ ክትሰፍር ኢኻ።

ስፖንሶር ዝገበሩኻ ክሕግዙኻ ቃል ዝአተዉሉ፡ አብቲ ንሳቶም ዝቅመጡሉ ኮሙኒቲ ከምትቅመጥ ብምሕሳብ እሞ ምስአቶም ብምትሕብባር ነብስኻ ንክትክእል ኢዩ። ዋላኳ አብ ዝደለኻዮ ቦታ ናይ ካናዳ ክትንቀሳቀስ መሰል እንተ አለካ፡ ስፖንሶርካ ሓገዝ ክህቡኻ መዝነት ዘለዎም ንመጀመርያ ዓመትካ እሞ **አብ ናቶም ኮሙኒቲ እንተለኻ ጥራሕ ኢዩ**።

እንተድአ አብ ካልእ ቦታ ናይ ካናዳ ክትቅይር መዲብካ፡ ስፖንሶርካ ቁጠባዊ ሓገዝ ክገብሩልካ ከይክእሉ ይኽእሉ፡ ከምኡ እውን ንሓደሽቲ ሰፈርቲ ተባሂሎም ብመንግስቲ ዝሕገዙ አገልግሎታት ከይትረክብ ትኽእል።

# ናይ ካናዳ ሕብረተ ሰብ



ኣብ ካናዳ ሰብኡትን ኣንስትን ማዕረ ኢዮም። ሓደ መሰል ኣለዎም እሞ ልክዕ ደረጃ ናይ ኣኽብሮት ኢዩ ዝወሃቦም። ሰብኡትን ኣንስትን ናይ ኩሉ ሕብረተ ሰብ ደረጃን፡ ባህልን ዓለትን ሃይማኖትን ምስ ሓድሕድ ይዋስኡ እሞ ብሓደ ዓይኒ ይረኣዩ።


ኣብ ካናዳ ሓሳባትካ ክትገልጽ ነጻ ኢኻ፡ ካልኦት ከኣ ከምኡ ክገብሩ መሰሎም እንዳሓሎኻ።

ንሰብኡትን ኣንስትን ቆልዑትን ዝኾና ብዙሓት ኮሙኒቲታትን መሓብራትን ኣለዋ ኣባል ክትከዉን እንተድኣ ደሊኻ። ኣብ ናይ ስፖርት ምንቅስቓስ ከም ኩዕሶ እግሪ፡ ምሕንባስ እዉን ክትሳተፍ ትኽእል። ከምኡ እውን ብዙሒ ምስ ስድራኻ ክትገብሮ ትኽእል ምዝንጋዓት ኣሎ።

ምናልባት ምስ ሙሉእት ስድራ ቤትካ ኰንካ ናቶም ሓገዝን ደገፍን ዝለመድካ ትኸዉን። ካናዳ ምስ ኣቶኻ ጽምዋ ክስምዓካ ይኽእል፡ ግን ንበይንኻ ኣይኮንካን። እንተድኣ ኣተሓሳሲቡካ ንስፖንሶርካ ወይ ንሓደ ኣብ ትቕመጠሉ ኮሙኒቲ ዝነብር ሰብ ተዛረብ። ምስ ናብራ ናይ ካናዳ ክትለማመድ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ብዙሓት ሰባት ኣለዉ።

ኣብ ከባቢኻ ናይ ሓደሽቲ ሰፈርቲ ኣኸባ እንተሎ ክትሳተፍ ፈትን። እዚ ኣብቲ ኮሙኒቲ የዕርኹት ክትገብር ይሕግዘካ እሞ ምስ ኣብቲ ከባቢኻ ዘሎ ኣገልግሎታት የላሊየካ።

# ሕግታት ካናዳ


CANADIAN CHARTER OF RIGHTS AND FREEDOMS

ሕግታት ካናዳ ናይ ኩሉ ሰብ መሰረታዊ መሰላትን ነጻነትን፡ ምስ ሓርነትን ማዕርነትን የረጋግጹን ይሕልዉን ። ናይ ካናዳ ናይ ነጻነትን ሓርነትን ቻርተር ናይ ካናዳ ቀዋም ኣካል ኢዩ። ካናዳ ካብ ዝኣቶኻሉ ጊዜ ጀሚሩ ይከላኸለልካ።

ሐድሓደ ተግባራት ኣብ ትቕመጠሉ ዝነበርካ ዓዲ ወይ ዓድኻ ብሕጊ ዘይተኸልከለ ኣብ ካናዳ ዘይሕጋዊ ክኸዉን ከም ዝኽእል ተገንዘብ። ኣብ ካናዳ ሰበይቲ ወይ ቆልዓ ምህራም፡ ቆልዑት ብዘይ ሓለዋ ዓበይቲ ምግዳፍ፡ መኪና ብዘይ ዉሕስና ማለት ኢንሹራንስ ምዝዋር፡ ወይ ንኣሸቱ ቆልዑት ብዘይ ናይ ቆልዑት ናይ መኪና ኩርሲ ምውሳድ፡ ዘይሕጋዊ ኮይኑ ብገበን የሕተት። ከምኡ ድማ ኣብ ሓፋሽ ዝርእየካ ምሻንን ደገ ምውጻእን ዘይሕጋዊ ኢዩ። ኣብ ብዙሕ ቦታታት ናይ ነጻ ሽቓቕት ኣሎ።

ብዛዕባ ናይ ካናዳ ሕግታትን ናይ ፍትሒ ስርዓትን ዝያዳ ሐበረታ ኣብ ወብ ሳይት ናይ መንግስቲ ካናዳ ኣሎ።

# ቋንቋ




ካናዳ 2 ወግዓዊ ቋንቋታት አለዋ፡ እንግሊዝን ፈረንሳን። ክእለት እንግሊሽ ወይ ፈረንሳ ብጣዕሚ አገዳሲ ኢዩ አብ ካናዳ ክትሰፍር ክሕግዘካ።

ኢንግሊሽ እቲ ብመብዛሕትአን ጠቅላይ ግዝአታትን አውራጃታትን ዝዝረብ ቋንቋ ኢዩ። ፈረንሳ ናይ ኰበክ ዝዝረብ ቀንዲ ቋንቋ ኢዩ፡ ይኹን እምበር ፈረንሳ ዝዛረባ ኮሙኒቲታት አብ ኩለን ጠቅላይ ግዝአታትን አውራጃታትን ይርከባ። ከምኡ እዉን ኢንግሊሽ ዝዛረቡ ብዙሓት ተቀመጥቲ ኰብክ አለዉ።

ጽቡቅ ምልኪ ናይ ኢንግሊሽ ወይ ፈረንሳ፡ ስራሕ ንምርካብ፡ ትምህርቲ ንምኻድ፡ አገልግሎት ንምጥቃም፡ ከምኡ እዉን አዕሩኹት ንምግባር ይሕግዘካ። እንተኸኢልካ ፍረንችኻ ወይ ኢንግሊሽካ ቅድሚ ንካናዳ ምምጻእካ ከተመሓይሽ ፈትን።

አብ ካናዳ ምስ አቶኻ፡ መንግስቲ ዝኸፍሎ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ክትወስድ ትኽእል ብነጻ። ስፖንሶርካ፡ ናይ ቋንቋ ክእለት ደረጃካ ንምፍላጥ አበይ ከድካ መርመራ ክትወስድ ክምትኽእልን አበይ ከድካ አብ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ከምትምዝገብን ሓበረታ ክህበካ ኢዩ።

# ስራሕ ምርካብ







ዋላኳ ንስኻን ስድራኻን ንመጀመርያ ዓመትኩም ናይ ገንዘብ ሓገዝ ክትረኽቡ እንተኾንኩም፡ ስራሕ ንምርካብ ምቅርራብ ጽቡቅ ኢዩ፡ ምእንታን ንነብስኻን ንስድራ ቤትካን ክትናቢ።

ዝበለጸ ኢንግሊሽ ወይ ፈረንሳ ምዝራብ ምኽአልካ ብዝቀለለ ስራሕ ክትረክብ የኽእለካ። መብዛሕትኦም ሕጋውያን ስራሓት ወይ ሙያታት፡ ነዚ ዝስዕብ ይሓቱ፡

- ጽቡቅ ምልኪ ኢንግሊሽ ወይ ፈረንሳ
- ልዑል ፍልጠት ናይ ምስ ስራሕ ዝተተሓሓዘ ቋንቋ
- ርድኢት ገለ ገለ አበሃህላታት ወይ አዘራርባታት ገሊአቱ አብ ካናዳ ጥራሕ ዝዝውተር ክኸዉን ይኽእል።

እንተኺልካ አብ ዓውዲ ስራሕካ እንታይ ዓይነት ቋንቋ ከም ዘድሊ ክትፈልጥ ፈትን። አብ ካናዳ ምስ መጻእካ ስፖንሶርካ አብ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ክትምዝገብ ክሕግዘካ ኢዩ። ስፖንሶርካ ምስ ብዛዕባ ስራሕ ንምርካብ ናይ ሓባር ወይ ናይ ግሊ ናይ ነጻ ሓበረታ አገልግሎት ዝህቡ ከራኽበካ ይኽእል።

ናይ ዩኒቨርሲትያ ዲግሪ፡ ወይ ናይ ኮለጅ ዲፕሎማ ወይ ናይ ሙያ ሰርቲፊከት እንተለካ አብ ካናዳ ተቀባልነት ከይህልዎ ይኽእል። ናይቲ ትቅመጠሉ ዘሎኻ ጠቅላይ ግዝኣት መንግስቲ ወይ ተቆጻጻሪ አካል እዩ፡ ዲግርኻ ወይ ዲፕሎማኻ ተቀባልነት ከምዘለዎን ከምዘይብሉን ዝውስን። አገልግሎት ዝህባ ትካላት እዉን አብዚ ጉዳይ እዚ መምርሒ ክህባኻ ይኽእላ።

ናይ ነጻ አገልግሎት ምህብ እዉን ሓደ መገዲ ናይ ካናዳ ናይ ስራህ ልምዲ ምርካብ መገዲ ኢዩ። ዋላኳ ክፍሊት እንተዘይብሉ፡ ናይ ቋንቋኻ ክእለት ከተመሓይሽ ትኽእል፡ ከምኡ ውን ስራሕ ንምርካብ ዘኽእለካ ናይ ስራሕ ልምድን ፍልጠትን ክትቀስም ትኽእል። ከምኡ ድማ ብጣዕሚ ጽቡቅ አገባብ ናይ ምስ ኮሙኒቲኻ ምሕዝነት ምፍጣርን ምልላይን ኢዩ።

## ናይ ሰፈራ አገልግሎት

ናይ ሰፈራ አገልግሎታት ብኢሚግረሽንን ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ (አብ ኵበክ ክአ ብ ሚኒስተር ደ ሊሚግራሲዮን፣ ደ ላ ዲቨርሲተ አ ደሊንክሉሲዮን ኦ ኵበክ) ዝምወሉ ወይ ብገንዘብ ዝሕገዙ ኮይኖም ንኩሎም ናይ ሓዋሩ ተቀማጦ ካናዳ፡ ሓደሽቲ ሰፈርቲ ወሲኽካ አገልግሎት ይህቡ። እዞም አገልግሎታት እዚአቶም ነጻ ኢዮም፡ ብዝያዳ ናብ ናብራ ናይ ካናዳ ንክትተአታቶ ክሕግዙኻ ይኽእሉ።

ብዙሓት ቅድሚ ምንቃልካ ብዛዕባ ናብራ ናይ ካናዳ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ አገልግሎታት አብ ናይ ኢሚግረሽንን፡ ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ ወብሳይት አለዉ። ማመልከቻኻ ወይ አፕሊከሽንካ ተቀባልነት ረኺቡ ምስ ሰማዕካ ነዞም አገልግሎታት እዚአቶም ክትጥቀመሎም ትኽእል።
ካናዳ ምስ አቶኻ፡ ናብ ህይወት ናይ ካናዳ ክትተአታቶ ዝተፈላለየ ዓይነት ናይ ነጻ አገልግሎታት ዝህቡ ናይ ሰፈራ ሰብ ሙያ አለዉ። ካብዚአቶም ሓድሓደ፡ ስራሕ ምርካብ፡ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ፡ ስራሕ ዝምልከት ትምህርቲ፡ አገልግሎት ንመንእሰያትን ንሽማግለን፡ ወዘተ ኢዮም።

ሙሉእ ዝርዝር ወይ ሊስታ ናይ ብኢሚግረሽንን፡ ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ ብገንዘብ ዝሕገዙ ናይ ሰፈራ አገልግሎታት ክትርኢ አብዚ ጠዉቕ።

## ናይ ገንዘብ ወጻኢታት

ካናዳ ምስ አቶኻ፡ ካብ ናይ ግሊ ስፖንሶርካ ን12 ወርሒ ወይ ነብስኻ ክሳዕ ትኽእል፡ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ክትረክብ ኢኻ።

ናይ ስፖንሶርካ ሓገዝ ምስ ተወድአ፡ ናይ መነባብሮኻ ወጻኢታት፡ ከም እኒ መግቢ፡ ገዛ ኽራይ፡ ኤለክትሪክ፡ ማይ፡ ክዳዉንቲ፡ ቀረጽ ወዘተ ምሽፋን ናትካ ሓላፍነት ኢዩ። ናይ ገንዘብ ባጀት ወይ ቁጠባ ምፍላጥ ብጣዕሚ አገዳሲ ኢዩ።

ድሕሪ 12 ወርሒ ስራሕ እንተዘይረኺብካ እሞ ስድራኻ ንምእላይ ሓገዝ እንተአድሊዩካ፡ ዝተፈላለያ ናይ ኮሙኒቲ አገልግሎታት ከም እኒ ባንኪ መግቢ፡ ከምኡ ካልኦት ንዝተሸገረ ሓገዝ ዘወፍያ ናይ ግብረ ሰናይ ትካላት አለዋ። ዝተፈላለየ ንዝተሸገሩ ሰባት ዝሕግዝ ናይ መንግስቲ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ፕሮግራማት እዉን አሎ፡ እንተኾነ ግን ካብዚ ፕሮግራማት እዚ ጥቅሚ ንምርካብ ከተማልኦም ዘለካ ረቋሒታት አለዉ። አብ ትነብረሉ ዘሎኻ ኮሙኒቲ እንታይ ዓይነት ሓገዝ ከምዘሎ ዝያዳ ሓበረታ ንምርካብ ንስፖንሶርካ ሕተት።

አብ ዓዲ ንዘለዉ ስድራ ቤትካ ገንዘብ ክትሰድድ እዉን ትደሊ ትኸዉን። ከምኡ ክትገብር ነጻ ኢኻ፡ ግን ብዙሓት ሰባት ኩሉ ወጻኢታት ናቶም ሸፊኖም ንዓዲ ዝስደድ ዝያዳ ገንዘብ ክተርፎም አሸጋሪ ኮይኑ ይረኽቡዎ። ብዙሓት ነገራት አብ ካናዳ ካብቲ ቅድሚ ሕጂ ዝለመድካዮ ንላዕሊ ወጪ ክህልዎም ይኽእል።


# ቤት ትምህርቲ



ደቅኻ መባእታ ትምህርትን ካላአይ ደረጃ ትምህርትን ክመሃሩ ገንዘብ አይትኸፍልን ኢኻ፡፡ ኩሎም ካብ 6 ክሳዕ 16 ዝዕድሚኦም ቆልዑ ትምህርቲ ክኸዱ ናይ ግድን ኢዩ፡፡ ሕጊ ኢዩ፡፡ መብዛሕትኦም ተመሃሮ ክሳዕ ናይ ካልአይ ደረጃ ዲፕሎማ ዝወስዱ (ከባቢ 18 ዓመት) ትምህርቲ ይኸዱ፡፡

ካልአይ ደረጃ ምስ ወድኡ፡ ደቅኻ ዩኒቨርሲቲ ወይ ኮለጅ ክአትዉ ይኽእሉ፡፡ ኮለጅን ዩኒቨርሲቲን ገንዘብ ኢዩ ዝኽፈሎም፡ ግን እታ ኮለጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ፡ ስኮላርሺፕ፡ ነጻ ገንዘብ (ግራንት)፡ ወይ ናይ ተመሃራይ ለቃሕ ክትህቦም ከእለት ክህልዋ ይኽእል፡፡

# ናይ አካላትን ናይ ስንን ጥዕና



ከም ናይ ሓዋሩ ተቀማጢ ናይ ካናዳ፡ ንመብዛሕቱኡ ናይ ጥዕና አገልግሎታት አይትኸፍልን ኢኻ፡ እንኮናይ ሓኪም ምርአይን ሆስቲታልን፡፡

ካናዳ ምስ አቶኻ ጊዜያዊ ናይ ፈደራላዊ መንግስቲ ናይ ጥዕና ዋሕስነት ማለት ኢንሹራንስ (IFHP) ክወሃበካ ኢዩ። IFHP መሰረታውያን ንጥዕና ዘድልዩ አገልግሎታት (ከም ሓኪም ምኻድ፡ ሆስቲታል ምኻድ) ክሳዕ ንናይ ጠቅላይ ግዝአት ወይ አውራጃዊ ዋሕስነት ዘድልዩ ኩነታት ክሳዕ ተማልእይሸፍነልካ፡እዚ መብዛሕትኡ ጊዜ አብ ዉሽጢ 3 ወርሒ ይሰልጥ፡፡ አብዚ ጊዜ እዚ፡ ንናይ ትቅመጠሉ ዘሎኻ ጠቅላይ ግዝአት ወይ አውራጃ ናይ ጥዕና ዉሕስና አመልክት፡፡

ናይ IFHP ናይ ዉሕስነት ወረቀትካ አብ ናይ ጥዕና አገልግሎት አብ ዝኸድካሉ ጊዜ ከተርኢ አገዳሲ ኢዩ፡፡ አብ ኩሉ ቦታታት ካናዳ ካብ ኩሎም ናይ ጥዕና አገልግሎት ክህቡ ዝተመዝገቡ አገልግሎት ክትረክብ ትኽእል፡፡ ዝርዝር ናይ ዝተመዝገቡ ወሃብቲ አገልግሎት አብ ኢንተርነት አብ ትሕቲ "IFHP ወሃብቲ ድለ" ዝብል አርእስቲ ይርከብ፡፡

IFHP አፋዉስ፡ ከምኡ እዉን ናይ ህጹጽን ናይ መሰረታዊ ጥዕና (ንአብነት ናይ አእምሮ ጸጋም፡ ንድሩት ናይ ዓይኒ ሕክምና፡ ከምኡ ንቃንዛን ረኹስን ዝህድእ ናይ ስኒ ሕክምና) አገልግሎታት ይሸፍን፡፡ ተወሳኺ ናይ ጥዕናን ናይ አፋዉስን ዉሕስና ክሳዕ ካብ ስፖንሶርካ ናይ ገንዘብ አታዊ ትረኽበሉ ጊዜ አሎ፡፡

ናይ IFHP ጥቅምታትን አገልግሎታትን ብሓጺሩ ዝገልጽ አብ ናይ ኢሚግረሽንን ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ ወብ ሳይት ወይ መርበብ ሓበረታ አሎ፡፡

ስፖንሶርካ ናይ ስድራ ሓኪም ንምምራጽ፡ ሓኪም ስኒ ንምርካብ፡ ከምኡ ድማ አድላዪ እንተ ኾይኑ፡ ምስ ናይ አእምሮን ናይ ጭንቀትን ኩነታት ምኽሪ ዝህቡ ንክትራኽብ ይሕግዘካ፡፡

ኩለን ጠቅላይ ግዝአታትን አውራጃታትን ነናተን ናይ ጥዕና ዋሕስና ፕላን አለወን፡፡ ፕላን ናትካ እንታይ ከም ዝሸፍን አረጋግጽ፡፡ ካናዳ ምስ አቶኻ፡ ስፖንሶርካ ንዘድሊዩ ዶኩመንቲ ወይ ወረቃቅቲ ንምምልካት ክሕግዘካ ኢዩ፡፡

አብ ካናዳ ሓድሽቲ ስደተኛታት፡ ማብዛሕትኡ ጊዜ ጽምዋን ዝተገለሉን ኮይኖም ብቅጹል ናይ አእምሮ ጽቅጠት ይስምዖም ብሰንኪ ዘሕለፍዎ ከቢት ኩነታት፡፡ ብዛዕባ እዚ ዝምልከት፡ ብዙሕ ናይ ነጻ አገልግሎትን ብሙያ ብዝሰልጠኑ እሞ ክትዛረቦምን ክሕውዩኻን ዝኽእሉ ሰባት አለዉ፡፡ ሓገዝ ዘድልየካ እንተ ኾይኑ፡ ንስፖንሶርካ ብዛዕባ ክወሃበካ ዝኽእል ናይ አእምሮ ጥዕናን ምኽርን አገልግሎት ሕተት፡፡

## ክታበት

ኣንጻር ሕማም ክታበት ምውሳድ፡ እቲ ዝበለጸ ዉሕስነትን ውጽኢትን ዝርከቦ፡ ካብ ሕማምን፡ ናይ ሕማማት ምትሕልላኻትን፡ ከምኡ ከዓ ካብ ብዘይ ጊዜኻ ካብ ሙማት ዝከላኸል መገዲ ኢዩ።

ክታበት ንናይ ነብስኻ ናይ ምክልኻል ክእለት ብምህናጽ ወይ ምብርታዕ ኢዩ ዝሰርሕ። ከም ኩሎም ኣፋዉስ ኣብ ካናዳ፡ ክታበት ብዕቱብ ምርመራን ፍቃድ ናይ ምሃብ ኣገባብ ወይ ፕሮሰስን ኢዩ ዝሓልፍ ቅድሚ ናብ ሓፋሽ ምዝርጋሑ። ካናዳ ቅድሚ ምምጻእካ፡ ኣብ ጊዜ ናይ ሕክምና መርመራኻ፡ ብመንግስቲ ካናዳ ዝተመዘዘ ሓኪም ናይ ቀደም ክትባትካ ንምሕዳስ ክሓተካ ይኽእል። እዚ ኣገልግሎት እዚ ብፍታውካ ዝግበር ኢዩ። እንተድአ ኣብ ወጻኢ ክትክተብ መሪጽካ፡ ናይ ክታበትካ ወረቃቅቲ ንካናዳ ሒዝካዮም ክትምጽእ ይግበአካ።

ኣብ ካናዳ ምስ ኣቶኻ፡ ብዙሓት ክታበታት፡ ኣብ ትሕቲ ናይ ጠቅላይ ግዝኣት ወይ ኣውራጃ ናይ ሕክምና ዉሕስነት ፕላን ዝኣተዉ ኢዮም። ንስኻን ስድራ ቤትካን ብክታበት ክከላኸሎም ዝኽእል ሕማማት ክትጥቁዑ ትኽእሉ ኢኹም፡ ካብ ኩሉ ቅድሚ ሕጂ ዘይተኸተብካ እንተ ኾንካ። ካብ ኩሉ ሕጻናትን ቆልዑትን ብሕደሓደ ብቀሊሉ ብቅድመ ምክልኻል ክውገዱ ብዝኽእሉ ሕማማት ስለ ዝጥቅዑ ኣብ ገሊኦቱ ቦታታት ናይ ካናዳ፡ ቆልዑት ኩሉ ክታበቶም ቅድሚ ትምህርቲ ወይ መዋዕለ ሕጻናት ምጅማሮም ክወስዱ ይግደዱ።

ስፖንሰርካ፣ ሓኪምካ ወይ ናይ ሕክምና ክሊኒክ ክታበትካ ከመይ ገርካ ከተሓድስ ከም እትኽእል ዝያዳ ሓበረታ ክህቡኻ ይኽእሉ።

ንነብስኻን ንስድራ ቤትካን ፈውሲ ክታበት ምውሳድ ናትካ ናይ ግሊ ውሳኔ ኢዩ። ግን ዘክር፡ ክታበት ምስ ወሰድካ፡ ንነብስኻን ንኻልኦትን ካብ ዝተወሰኑ ሕማማት ትከላኸል፡ ከምኡ እውን ናብቶም ብቀሊሉ ብሕማም ክትቅዑ ዝኽእሉ ወገናት ሕማም ከይዝርጋሕ ትሕግዝ።

## መግብን ማይን



ማይ ናይ ካናዳ ክትሰትዮ ሓደጋ ወይ ሕማም የብሉን። ኩሉ ገዛውቲ ናቱ ማይ ውዑን ዝሑልን ቡምባ ኣለዎ። ማይ ኣብ ዝደለኻዮ ጊዜ ለይቲ ወይ መዓልቲ ክትረክብ ትኽእል።

ክትዕድጎ ትኽእል ዓይነት መግቢ ከምቲ ዘሎኻዮ ኮሙኒቲ ይፈላለ። ዓበይቲ፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ሰብ ዘለወን ከተማታት ብርግጽ ከምቲ ንስኻ ትበልዖ መግቢ ክህልወን ኢዩ። ንኣሽቱ ኮሙኒቲታት ግን ዝወሓደ ዓይነት ይርከበን።

ዝተፈላለዩ ዓለት ደቂ ሰባት ኣብ ካናዳ ይነብሩ፡ እዚ ማለት ዝተፈላለየ ዓይነት መግብታት ካብ ዝተፈላለየ ባህልታት ኣሎ፡ ማለት ኢዩ። ብዙሕ ጊዜ ፍሉያት ድኳናት ዝተፈልየ ዓይነት መግብታት ዝሸጣ ኣለዋ። ገሊኦቱ መግቢ ካብቲ ንስኻ ዝለመድካዮ ንላዕሊ ክኸብር ይኽእል፡ እዚ ብምኽንያት ኩነታት ኣየር ካናዳ ገሊኦቱ መግቢ ካብ ወጻኢ ክጥለብ ስለ ዘለዎ ኢዩ።

# ሃይማኖት

አብ ካናዳ ብዙሓት ሃይማኖታት አለዋ። ሃይማኖትካ ብነጻ ከተዘውትር ፍቃድ አለካ። ሕገ መንግስቲ ካናዳ ዝተፈላለየ ዓይነት ሃይማኖት ዘዘውትሩ ሰባት ከተኽብር ይሓተካ። ሃይማኖትካ እንታይ ምኽዋኑ፡ ወይ ሃይማኖካ ብሓይሊ ክትቅይር አይክትሕተትን ኢኻ። ናይ ሃይማኖት ናጻነት ካብቶም መሰረታውያን ዝኾና መሰላት ናይ ካናዳ ሓንቲ ኢያ።





ዋላ ብዙሓት ብግሊ ስፖንሶር ዝገብሩ ከዓ ሃይማኖታውያን ይኹኑ እምበር፡ ሃይማኖትካ ብነጻ ከተዘውትር ቀጽል። እዞም ሰባት እዚአቶም፡ ብዘይ ምንም ተጽዕኖ፡ ብገዛእ ፍቃዶም ንካናዳ ክትመጽእ እሞ ምስ ሕብረተ ሰብ ካናዳ ዕዉት ብዝኾነ መገዲ ክትጽንበር ክሕግዙኻ ዝደለዩ ሰባት ኢዮም።

# ኩነታት አየር

አብ ካናዳ 4 ወቅቲ አሎ፡ ጽድያ፡ ሓጋይ፡ ቀውዒ፡ ክረምቲ። ካናዳ ገፊሕ ዓዲ ስለዝኾነ ኩነታት አየር አብ ነፍሲ ወከፍ ወቅቲ ካብ ሓደ ቦታ ናይ ሃገር አብ ካልእ ክፈላለ ይኽእል።









ጽድያ (መጋቢት፤ ሚያዝያ፤ ግንቦት) ናይ ዝንብ ገዜ ኢዩ አብ መብዛሕትኡ ቦታታት ናይ ካናዳ፡ ኩነታት አየር ከአ ዝሑል ክኸዉን ይኽእል። አብ ሓጋይ (ሰነ፤ ሓምለ፤ ነሓሰ) አብ መብዛሕትኡ ቦታታት ካናዳ ብጣዕሚ ሃሩር ይገብር። ብቀትሪ ሙቀት ብጠቕላላ ካብ 20 ዲግሪ ሰንቲግረይድ ንላዕሊ፡ ብዙሕ ገዜ ከዓ 30 ዲግሪ ሰንቲግረይድ ይሓልፍ።

አብ ቀውዒ (መስከረም፤ ጥቅምቲ፤ ሕዳር) ኩነታት ናይ አየር ይዝሕል፡ ብዙሕ ማይ እዉን ክሃርም ይኽእል። አብ ክረምቲ (ታሕሳስ፤ ጥሪ፤ የካቲት) አብ መብዛሕትኡ ቦታታት ብጣዕሚ ቆሪሪ ኮይኑ ሙቀት ካብ 0 ዲግሪ ሰንቲግረይድ ንታሕቲ ኢዩ። በረድ ከዓ ንመሬት ካብ ታሕሳስ ክሳዕ የካቲት ወይ መጋቢት ይሽፍኖ። አብ ደቡባዊ ምዕራብ ናይ ብሪቲሽ ኮሎምቢያ (ከባቢ ቪክቶሪያን ቫንኩቨርን)፡ ካብ በረድ ንላዕሊ ዝያዳ ዝናብ ይገብር።

ዝመጻእካሉ ቦታ ግምት ብምእታው፡ አብ መጀመርያ ክረምትኻ፡ እቲ በረድን ቁርን ብጣዕሚ ክገርመካ ይኽእል። ንዑዑ ዝግባእ ክዳዉንቲ ብምኽዳን፡ እቲ ፍሉይ ዝኾነ ጽባቑ ናይ ካናዳ ክረምቲ ከተስተማቅሮ ድሉው ክትከዉን ኢኻ። ስፖንሶርካ፡ ቆቡዕ፡ ሳእኒ፡ ጓንቲ ከምኡ ውን ናይ ክረምቲ ካቦት ንስድራኻ ክትዕድግ ክሕግዘካ ኢዩ።

# ናይ መጨረሻ ናይ ለበዋ ቃላት

አብ ካናዳ ሓዲሽ ሂወት ምጅማር ዘደስትን ብሓደሽቲ ዕድላት ዝመልአን ኢዩ። ይኹን እምበር ዝምከቱ ኩነታት እዉን አለዉ። ገሊአቶም ሰባት ምስ ሓዲሽ ናብራ ምልምማድ ይብርትዖም። ገዜ ይወስድ፡ ስለዚ ትዕግስቲ ግበር። ብዙሓት ሓደሽቲ ከማኻ ከም ዝተለማመዱን ምሉእ ብምሉኡ ከአ አብ ሕብረተ ሰብ ካናዳ ከምዝአተዉን ዘክር።

ሰባትን አገልግሎታትን አለዉ ክሕግዙኻ። ብዛዕባ ዝኾነ ሻቅሎት ወይ ሕቶታት መልሲ ክህበካ ስፖንሰር ናትካ አሎ። ናትካ ጥቅሚ ኢዮም ዘናድዩ። ምስ ናይ ካናዳ ኢሚግረሽንን ስደተኛታትን ዜግነትን ናይ ኢሚግረሽን ቤት ጽሕፈት እዉን ብዛዕባ ማመልከቻ ወይ አፕሊከሽን ናትካ ሕቶ እንተለካ ተራኸብ።

ካልኦት ክጠቅሙኻ ዝኽእሉ ጉጅለታትን አገልግሎታትን፡ ናይ ኮሙኒቲ ጉጅለታት፡ ናይ ሃይማኖት ጉጅለታት፡ ምኽሪ ዝህቡ አገልግሎታት፡ ሓደሽቲ ከስፍሩ መንግስቲ ገንዘብ ዝህቦም ትካላት አለዉ። እዚአቶም ጉጅለታት ኩሎም ብዝተፈላለየ መልከዕ ንሓደሽቲ ናይ ምስፋር ተመክሮ ወይ ልምዲ አለዎም። ሓገዝ ንምሕታት አይትፍራሕ።

አብ ዝኾነ ገዜ እንተድአ ተኸላቢትካ ወይ ተመዝሚዝካ ኮይኑ ተሰሚዑካ፡ ወይ ብስፖንሰርካ ክትወሃብ ኢሎም መብጽዓ ዝአተዉልካ እንተዘይተቀቢልካ፡ ብህጹጽ ምስ ኢሚግረሽንን ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ ብኢመይል IRCC.INPSR-PPPRRI.IRCC@cic.gc.ca ተራኸብ።

ምስ ኢሚግረሽንን ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ ምርኻብ ናይ ገንዘብ ሓገዝካ ወይ አብ ካናዳ ናይ ምቅማጥ ኩነታትካ አብ ሓደጋ አየጋልጽን ወይ አይተጥፍእን ኢዩ።

አብ መጨረሻ፡ ንኽትቀራረብ ብዙሕ ሓበረታ ዝሓዘላ ወብ ሳይታት አለዋ። ናይ ጠቅላይ ግዝአት ወብ ሳይታት ብዙሕ ጠቃሚ ሓበረታ፡ ከም እኒ፡ ብዙሕ ገዜ ዝሕተት ሕቶታት፡ ናይ ኮሙኒቲ ሊንክታት፡ ዜናን ፍጻሜታትን ዝመስሉ ይህባ።
ናይ መንግስቲ ካናዳ ወብ ሳይት ዝያዳ ሓበረታ ብዛዕባ ህይወት አብ ካናዳ፡ ዝርዝርን ካርታን ናይ አስፈርቲ ትካላት አብ ኮሙኒቲታት ናይ መላእ ሃገር፡ ሓበረታ ብዛዕባ ነጻ ናይ ቋንቋ መርመራን ትምህርትን፡ ከምኡ ውን ዝያዳ ንጉዕዞኻ ንምቅርራብ ዝኸዉን ሓበረታ አለዎ።

www.canada.ca/immigration